# ኣፍጋኒስታን፡ ድሕሪ ናይ 20 ዓመታት ዕንደራ

## ካብ ጣሊባን ናብ ጣሊባን

ን20 ዓመታት - ልክዕ ንምኳን ን7,267 መዓልታት ዝቐጸለ ወራር ኣፍጋኒስታን፡ 4 መራሕቲ ኣመሪካ'ዮም ተበራርዮምሉ። ጆርጅ ቡሽ፡ ባራክ ኦባማ፡ ዶናልድ ትራምፐን ጆ ባይደንን። ኣብ'ዚ ኣመሪካ ከም ርእሰ-ኲናት ዝመርሓቶ "ስርሒት ነባሪ ሓርነት" (Operation Enduring Freedom) ዝተሰምየ ወተሃደራዊ ወፍሪ፡ ካብ 51 ኣባላትን መሻርኽትን ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ - ኔቶ ዝኾና ሃገራት ዝተዋጽአ ልዕሊ 130,000 ልፍንታዊ ሰራዊት ተሳቲፉ። ካብ'ዚ እቲ 90,000 - ማለት ልዕሊ 69% ናይ ኣመሪካ'ዩ። ቍጽሪ ናይ'ቶም በብእዋኑ ዝተተኻኽኡ ወተሃደራት ኣመሪካ ከኣ ኣስታት 800,000 ይበጽሕ። ፕረዚደንት ጆርጅ ዳብልዩ ቡሽ ብ7 ጥቅምቲ 2001 ነቲ ወራር (invasion) ክእውጅ ከሎ፡ ቀንዲ ሃንደስቲ ናይ'ቲ ብ"መጥቃዕቲ 9/11" ዝፍለጥ ኣብ ልዕሊ ማናቱ ህንጻታት ኒውዮርክ ዝተኻየደን ህይወት 2,977 ሰባት ዝቐዘፈን ሽበራዊ ተግባር ዝኾኑ መራሕቲ 'ኣልቓዒዳ' - ኦሳማ ቢንላደንን ኣይመን ኣዘዋህሪን፡ ኣብ'ታ ብጣሊባን ትመሓደር ዝነበረት ኣፍጋኒስታን "ተዓቍቦም ኣለዉ" ዝብል ነይሩ - እቲ ዝተነግረ ጠንቂ።

ንምኳኑ፡ እቲ ብምዕቋብን ምድጋፍን ሽበራዊ ጉጅለ 'ኣልቓዒዳ' ተኸሲሱ ክጠፍእ ዝተፈርዶ ጣሊባን፡ መን'ዩ? መዓስን ብኸመይን'ከ ኣብ ፖለቲካዊ ሜዳ ኣፍጋኒስታን ተቐልቂሉ? ዝብል ሕቶታት፡ ነቲ ጉዳይ ካብ ሱሩ ንምርዳእ ሓጋዚ'ዩ። ጣሊባን እምበኣር፡ ንሕብረት-ሶቭየትን ማሕበርነታዊ ስነ-ሓሳብን ንምድራትን ንምስዓርን ተባሂሉ፡ ኣብ እዋን ዝሑል ኲናት ብጉልባብ ሃይማኖት ብማ.ወ.ስ (CIA) ኣብ ፓኪስታን ኣብ ዝነበረ መዓስከራት ኣፍጋናውያን ስደተኛታት ዝተመስረተ፡ ዝዓኾኾን ኣብ ስልጣን ዝመጸን ሓይሊ'ዩ። ወራር ኣፍጋኒስታን ኣብ 10ይ ዓመቱ፡ ብ1 ግንቦት 2011 መራሒ ሽበራዊ ጉጅለ ኣልቓዒዳ ኦሳማ ቢን ላደን ተቐቲሉ። እቲ ስርሒት ግና ንካልኣይ 10 ዓመት ቀጺሉ። ዋላ'ኳ ኣብ'ቶም ኣብ መጥቃዕቲ 9/11 ዝተሳተፉ 19 ሽበራውያን ኣፍጋናዊ ዜጋ እንተዘይነበረ፡ ኣፍጋኒስታን ን20 ዓመታት መፈተኒ ኩሉ ዓይነት ኣጽዋርን መራብሒ ባይታ ሽበራውያንን ኰይና።

ድሕሪ'ዚ ወተሃደራዊ ዕንደራ፡ ኣፍጋኒስታንን ኣፍጋናውያንን እንታይ ረቢሖም? ኣብ ከመይ ዝበለ ኩነታት'ከ ይርከቡ? ካብ ዝስዕቡ ኣሃዛት ንጹር ስእሊ ምርካብ ይከኣል፦ * ብቐጥታውን ዘይቀጥታውን ሳዕቤናት ናይ'ቲ ወራር፡ ኣስታት 500 ሽሕ ኣፍጋናውያን ሞይቶም። * 2.5 ሚልዮን ኣፍጋናውያን ተሰዲዶም፡ 3.5 ሚልዮን ኣብ ውሽጢ ሃገሮም ተመዛቢሎም። *

መጠን ድኽነት ካብ 80% ናብ 97% ዓሪጉ። * 60% ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 3.7 ሚልዮን ህጻናትን ቈልዑን ካብ መኣዲ ትምህርቲ ርሒቖም። * 62% ዝነበረ ዘይውሑስነት መግቢ (food insecurity) ናብ 92% ደዪቡ። * መጠን ኩቱር ዓጸቦ ኣብ ትሕቲ 5 ዓመት ህጻናት ድማ፡ ካብ 9% ናብ 50% ንሂሩ። * ንስለ ምንጽጻር፡ ሰባዊ ክሳራታት ኣመሪካን መላፍንታን ንርአ፦ * 2,461 ወተሃደራት ኣመሪካን 1,144 ወተሃደራት ሃገራት ልፍንትን ተቐቲሎም። ንሽበራውያንን ኣዕቈብቶምን ብምድምሳስ "ሽበራ ንምጥፋእ" ዝተኻየደ ስርሒት፡ ድሕሪ 20 ዓመታት ብዘይካ ሞትን ዕንወትን ፍረ ስለዘይተረኽበ፡ ከምኡ'ውን መጥቃዕትታት ጣሊባንን ሽበራዊ ተግባራትን እናሓየለ ስለዝመጸ፡ ኣመሪካ ምስ ጣሊባን ክትዝቲ ተገዲዳ።

ኣብ ወርሒ ለካቲት 2020 ከኣ፡ እቲ "ኣህጉራዊ" ልፍንታዊ ሰራዊት ካብ ኣፍጋኒስታን ክወጽእ ስምምዕ ኪቲሞም። ናይ ግዜ ገደብ'ውን ስኢሎም። እቲ ንጣሊባን ብሽበራን ዘይምኽባር ሰብኣዊ መሰላትን ብምኽሳስ ን20 ዓመታት ኣብ ምህዳና ዝተዋፈረ ሰራዊት ድማ፡ ኣብ ወርሒ ነሓሰ 2021 ርያኡ ጠቕሊሉ ክወጽእ ተቐሲቡ። በቲ "ሃንደበታዊ" ክበሃል ዝከኣል ሸበድበድ ዝበዝሖ መስርሕ ምውጻእ ከኣ፡ ኣብ 2001 ኣብ ትሕቲ ምሕደራ ጣሊባን ዝነበረት ኣፍጋኒስታን፡ ዳግማይ ንጣሊባን ተረኪባ። ብ7 ጥቅምቲ 2001 ብኣዋጅ ዝጀመረ ወራር ህይወት ኣማኢት ኣሽሓትን ልዕሊ 2.2 ትሪልዮን ቁጠባዊ ጸጋታት ኣመሪካን በሊዑ፡ ብ30 ነሓሰ 2021 ብፍሽለት ኣብቂዑ። ድኑ ሽበራን ስግኣት ሽበራውያንን ድማ ገና ኣይተቐንጠጠን። ቦርድ ክፍሊ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ

8 ሚያዝያ 2023